በስመ ኣብ ወወልድ ወመንፈስ ቅዱስ ወኣሓዱ ኣምላክ፡ ኣሜን።

# ፍሉይ መንፈሳዊ ሰሚናር

# “ህሉው ኩነታት ኦርቶዶክስ ተዋሕዶ ቤተክርስትያን ኤርትራን፡ ጠመተን መጻኢ መደባት ንኡስ ሃገረ ስብከት ሰሜን ኣመሪካን”

ብቀሺ ዲበክሉ  ላይነን


ዲ. (ዶር) ቴድሮስ  ተስፋይን

ኣብ ናይ ኤርትራ ኦ.ተ.ቤ/ክ በይ ኤርያ ካሊፎርንያ

መስከረም 29/2007


# መሠረት እምነትና

- “እምበኣርሲ ንስኻትኩም ኣብቲ ኢየሱስ ክርስቶስ ባዕሉ እምኒ መኣዝኑ ዝኾነ መሰረት ነብያትን ሃዋርያትን እተነድቕኩም፡ ደጊም ደቂ ዓዶም ንቕዱሳን ስድራ ቤቱ ንኣምላኽን ኢኹም እምበር፡ ኣጋይሽን መጻእተኛታትን ኣይኮንኩምን” ኤፌ 2፡19-20



# ቅ. ማርቆስ ወንጌላዊ ዘእስክንድርያ

- ሓደ ካብቶም 72 ኣርድእቲ፡ ካብ ኣመንቲ ስድራ ቤት ዝተወልደ።
- (ቤት ማርያም ኣደ ማርቆስ) ናይ መጀመርያ ቤተክርስትያን ምንባራ (ግ. ሃዋርያት 12፡12)።
- ኣብ ቤቶም ምስጢር ቅዱስ ቁርባን ምፍጻሙ (ማቴ. 26፡26-30)
- ምራድ መንፈስ ቅዱስ (በዓለ መንፈስ ቅዱስ) ኣብ ቤቶም ምንባሩ (ግ. ሃዋርያት 2፡1-4)
- ንእስክንድርያ ካብ ኣምልኮተ ጣኦት ናብ ኣምነት ክርስቶስ ከምዘምጽኦም፤ ብኣምለኽቲ ጣዖት ብ 68 ዓ.ም. ብሰማዕትነት ሓለፈ።



# ኃዋርያዊ ሰንሰለት (ፓትርያርካት ግብጽን መዋዕሎምን)

- ጎይታናን መድሓኒናን ኢየሱስ ክርስቶስ (0-33)
- ቅ. ማርቆስ (43-68)
- ቅ. ኣንያኖስ (68-85)
- ቅ. ሜልዮስ (85-98)
- ቅ. ክርዳኑ (95-109)
- ቅ. ኣብርዮምስ (109-122)
- ቅ. ዮስጦስ (122 -130)
- ቅ. ኣውማንዮስ (130-142)
- ቅ. መርክያኖስ (143-154)
- ቅ. ከላድያኖስ (157-167)
- ቅ. ኣክርጵዮስ (167-180)
- ቅ. ዮልዮስ (180-189)
- ቅ. ድሜጥሮስ 1ይ (189-231)
- ቅ. ያሮክላ (231-247)
- ቅ. ዲዮናስዩስ (247-264)
- ቅ. መክሲሞስ (264-282)
- ቅ. ቴዎናስ (282-300)
- ቅ. ጴጥሮስ 1ይ (300-311)
- ቅ. ኣኪላስ (311-312)
- ቅ. እለእስክንድሮስ (312-326)
- ቅ. ኣትናቴዎስ 1ይ (326-373)

ምንጪ፡ "ታሪኽ ኦርቶዶክስ ተዋሕዶ ቤ/ክ" ብመሪጌታ ይትባረኽ በርሀ

# ቅ. ኣትናቴዎስ 1ይ (326-373)




- "…ወፍረምናጦስኒ ሖረ እስክንድርያ ኀበ ሊቀ ጳጳሳት ኣትናቴዎስ ወረከቦ በሓዲስ ሢመቱ ወዜነዎ ኵሉ ዘበጽሐ ላዕሌሁ በእንተ ኃይማኖቶሙ ለብሔረ ኣግኣዚ ወዘከመ ኣምኑ በክርስቶስ እንዘ ኣልቦሙ ጳጳሳት ወቀሳውስት ወእምዝ ሤሞ ኣባ ኣትናቴዎስ ለፍሬምናጦስ ከም ይኩን ጳጳስ ለብሔረ ኢትዮጵያ ወፈነዎ ምስለ ዓቢይ ክብር፥ ወበጺሖ ብሔረ ኣግኣዚ ኣመ መንግስቶሙ ለኣብርሀ ወኣጽብሐ ሰበከ በሰላመ ክርስቶስ ውስተ ኵሉ ኣድያሚሃ ወበእንተዝ ተሰምየ ኣባ ሰላማ፥ ወእምድህረ ኣእመኖሙ ለሰብኣ ኢትዮጵያ ኣእረፈ በሰላም።" መጽሓፈ ስንክሳር ናይ 26 ሓምለ (ብግእዝ)

# ቅ. ኣትናቴዎስ 1ይ (326-373)

- ቅ. ቄርሎስ 3ይ (1929-1950)
- መሪሕነት ግብጻውያን ፓትርያርካት ኣብቂዑ ብፓትርያርካት ሓበሻ ተተክአ። ንመጀመርያ ግዜ ብ31 ግንቦት 1929 ጳጳሳት ሓበሻ ንኽቕብኡ  ቅዱስ ሲኖዶስ ግብጺ ፍቓድ ሂቡ።
- ናይ መጀምርያ ፓትርያርክ ኢትዮጵያ ብጹዕ ወቅዱስ ኣቡነ ባሲሎስ (መስከረም 14, 1951)…2ይ ፓትርያርክ ኣቡነ ቴዎፍሎስ (ብደርግ ዝተቐትሉ)፤ ሳልሳይ ፓትርያርክ ኣቡነ ተክለሃይማኖት፤ ራብዓይ ፓትርያርክ ኣቡነ መርቆሬዎስ፤ 5ይ ፓትርያርክ ኣቡነ ጳውሎስ





# ብዛዕባ ቤተክርስትያን ኤርትራ ሕቶ ተላዕለ

- ብ1929 ዓ.ም ኣብ ሞንጎ ናይቲ ግዜቲ ገዛእቲ ኤርትራ፡ ጥልያንን ፓትርያርክ ግብጺ ኣቡነ ዮሃንስን ዝተበጽሐ ስምምዕ፡ ኤርትራውያን ኦርቶዶክሳውያን ብቐጥታ ኣብ ትሕቲ ናይ ግብጺ ፓትርያርክ ኪመሓደሩ ዝብል ነበረ።
- ስለዚ ዝቐብኡ ካህናት ኣብ ክንዲ ናብ ኢትዮጵያ ናብ ግብጺ ከይዶም ማዕርገ ክህነት ይቕበሉ ኔሮም።
  - ንኣብነት ቀዳማይ ፓትርያርክ ኤርትራ ብጹእ ወቅዱስ ኣቡነ ፊሊጶስ ብ1926 (ግእዝ) ብኢድ ፓትርያርክ ግብጺ ኣቡነ ዮሃንስ ማዕርገ ክሁነት ተቀቢኦም።
- ነጻነት ዘይምህላው ዘስዓቦ ምኽንያት፡ ኣቡነ ማርቆስ ጳጳስ ናብ ግብጺ ከይዶም ኪሸየሙ ዝተገብረ ፈተነ ኣይተሳኽዐን፡ ናይ መጀመርያ ኤርትራዊ ጳጳስ ብ1937 ብኢድ ኢትዮጵያዊ ሊቀ ጳጳስ ኣቡነ ኣብርሃም ተሸሙ።

# ቤተክርስትያን ኤርትራ ድሕሪ ነጻነት

- ብሓይሊ ተቐሪና ዝጸንሐት ሃገርን ቤተክርስትያንን ክልትኤን ነጻ ወጺአን። ቤተክርስትያን ኤርትራ ግዝያዊ ሲኖዶስ ኣቐኒማ፡ ናብቲ ናይ ጥንቲ መንበራ፡ መንበረ ማርቆስ ዘእስክንድርያ ተመልሰት። ሓሙሽተ ጳጳሳት ብድሕሬኡ ድማ፡ ቀዳማይ ፓትርያርክ ኤርትራ ብጹእ ወቅዱስ ኣቡነ ፊሊጶስ ብ ግንቦት 8, 1998 ኣብ ግብጺ ተሾሙ።



# ውዕል ኣብ ሞንጎ ቤተክርስትያን ግብጽን ኤርትራን

**ዓንቀጽ 3 መንብረ ማርቆስ ናይ ክልትኤን ቤተክርስትያናት ስለዝኾነ ኦርቶዶክሳዊ ስነ-መለኮት ይኣምና።**



**ዓንቀጽ 11(፲፩) ክልተአን ቤተክርስትያናት ነቲ ዕድመ ልክዕ ዝተቐብአ ፓትርያርክ ወይ ጳጳስ ከውርዳ እንተተደልየን ብመስርሕ ቀኖና ቤተክርትያን ዝተደገፈን፡ ብቅዱስ ሲኖዶስ ዝተወሰነን እንተዘይኮይኑ ከየውርዳ ወይ ከይትክኣ ተሰማሚዐን።**

# ትምህርቲ ቤተክርስትያን፡ ዶግማን + ቀነኖናን

- ዶግማ፡ እምነት ኣብን ወልድን መንፈስ ቅዱስን ንዘልኣለም ዘይቕየር'ዩ፡ መሠረቱ መጽሓፍ ቅዱስ'ዩ።
- ቀኖና፡ ስርዓት ቤተክርስትያን'ዩ፡ ኣብ ክልተ ይኽፈል፡-
  - 1. ዓለም ለኻዊ ቀነኖ፡ ብቅ. ሲኖዶስ ናይ ኩለን ኦርየንታል ተዋሕዶ ቤተክርስትያናት ጥራሕ ኪቕየር ይከኣል። (ንኣብነት ፓትርያርክ ብህይወት ከሎ ኣብ ርእሲኡ ካልእ ኣሽየምን፡ ብዘይካ ነቲ ዝተቐበሎ ቅድስና ዘራኽስ ነገር እንተፈጺሙ። ከምኡ እንተገበረውን ጉባኤ መላእ ቤ/ክ፡ እንኮላይ ተዓዛቢ ካልእ ፓትርያርክ ብኣካል ኣብ ዝሳተፎ ጉዳዩ ይምርመር፤ ንስሕተቱ ምስ ኣመነሉ ውሳኔ ይብጻሕ። ዓንቀጽ 93 ገጽ 58)
  - 2. ሃገራዊ ቀነኖ፡ በቲ ናይታ ሃገር ቅ. ሲኖዶስ ኪቕየር ይከኣል። (ንኣብነት ቤተክርስትያን እትጥቀመሉ ቋንቋ ግእዝ፡ ትግርኛ….)

# ትምህርቲ ቤተክርስትያን፡ ዶግማን + ቀነኖናን

- መሠረት ናይ ቀነኖ ቤተክርስትያን፡-መጽሓፈ ሥርዓተ ጽዮን፤ መጽሓፈ ትእዛዝ፤ መጽሓፈ ግጽው፤መጽሓፈ ኣብጥሊስ፤ መጽሓፈ ኪዳን (1ይን 2ይን)፤ ቀሌመንጦስ፡ ዲድስቅልያ እዩ።
- እዚ መጻሕፍቲ ኣዝዩ ሰፊሕዩ፡ ንኣብነት ዲድስቅልያ ቮልይምስ I-IV ይበጽሕ
- ስለዚ ግዚያዊ ሲኖዶስ መጀመርያ ሕጊ ዘርቕቑ ሰይሙ፡ ብድሕሬኡ ከካብ ሃገረ ስብከትን ገዳማትን ነፍሲወከፎም 15 ሊቃውንቲ ልኢኹ ካብ 18-20 ነሓሰ 1987 (1995 ፈረንጂ) ብደቂቕ ኣጽኒዑ ምስወድአ፡ ከምእንደገና ናብ ዝሰፍሐ ካህናትን ምእመናንን ተኻቲያም ኣጽፊፎም ምስወድኡ ጸደቐ።





ምንጪ፡ "መጽሓፈ ብርሃን" ብኣባ ገ/እግዚኣብሔርን ኣባ ወልደ ኣብርሃምን፡ ማሕበር ደብረ ቢዘን

# ትንሣኤ ቤተክርስትያን ዘተስፉ ዕዮ ጀመረ



1ይ ፓትርያርክ ኣቡነ ፍሊጶስ
(1998-2002)

2ይ ፓትርያርክ ኣቡነ ያዕቆብ
(2002-2003)





3ይ ፓትርያርክ ኣቡነ እንጦንዮስ
(2003- ቐጻሊ )




ንኡስ ሃገረ ስብከት ሰሜን ኣመሪካ ብ2000 ብ 1ይ ፓትርያርክ ብፁእ ወቅዱስ ኣቡነ ፍሊጶስ ቡራኬ ቆይሙ። ሊቀ ካህናት ገ/ሚክኤል ዮሃንስ ድማ ኪመርሖ ተመዚዙ። ኣብ ሰሜን ኣመሪካ ቁጽሪ ቤተክርስትያናት ኣብ ሓጺር ግዜ ካብ 5-6 ናብ 20 በጺሑ። ብ2002 ልዕሊ $160,000 ካብ ቤተክርስትያናት ተዋጺኡ ንህንጻት ገዳማትን ቤተክርስትያናትን ናብ ዓድና ከይዱ።






Conference of Eritrean Orthodox Church N. America
Aug 3-6, 2000 Atlanta, Georgia

# ኣብ 2005 ኣብ ቤተክርስትያንና ከቢድ ጸገም ተፈጢሩ

- ጠንቂ ናይቲ ጸገም እቲ ብመንግስቲ ኤርትራ ብ2002 ኪሕግዘኩም ምሁር ሰብ ሂብናኩም ኣሎና ተባሂሉ ዝመጸ ኣቶ ዮፍታህ ቀሺ ዲሞጥሮስ ነቲ በተሳትፎ ኩለን ሃገረ ስብከታትን ገዳማትን፡ ሊቃውንትን ምእመናንን ድሕሪ ብዙሕ ክትዕ ብሃገር ደረጃ ዝቐመ ሕጊ ኦርቶዶክስ ተዋሕዶ ቤተክርስትያን፤ ኣብ የካቲት 2005 ዓንቀጻት ቀይሩ ከም ብሓድሽ ምስ ኣሕተሞ ጀሚሩ።




- ቅዱስ 3ይ ፓትርያርክ ኣቡነ እንጦንዮስ ድማ ነቲ ሓድሽ መጽሓፍ ኣውጊዞሞ።
- እታ መጽሓፍ ሽዑ ምስ ጠፍአት ድሃይ የብላን፡ እታ ንኽትቅየር ምኽንያት ዝኾነት ግን ብግብሪ ይስርሓላ ኣሎ።
- እንታይ ’ያ ንሳ?

# ኣብ 2005 ኣብ ቤተክርስትያንና ከቢድ ጸገም ተፈጢሩ

- ኣቶ ዮፍታህ ብገዛእ ስልጣኑ ዝቀየሮ ዓንቀጻት
- ዓንቀጽ 32 ቀዋሚ ቅ. ሲኖዶስ፡- ብናይ ቅ. ፓትርያርክ ኣቦ-መንበርነት፡ ካብ ኣባላት ቅ. ሲኖዶስ (ጳጳሳት) ድማ ክልተ በብታራ፡ ናይ ቤተክርስትያን ምምሕዳራዊ ጉዳያት ፈጻምን ኣፈጻምን ጉባኤ እዩ። (ገጽ 22)....ንዝብል ብዋና ኣማሓዳሪ ኣ.ተ. ቤ/ክ ምምሕዳርዊ ጉዳያት ይፍጸም ኪብል ቀይርዎ።
- ዓንቀጽ 96 ናይ መንበረ ፓትርያርክ ዋና ጸሓፊ መዝገን ተግባርን፡ ...ናይ መንበረ ፓትርያርክ ዋና ጸሓፊ ኮይኑ ብፓትርያርክ ዚሽየም ...ቆሞስ፡ ካህን ወይ መዘምር ይኸውን።...ንእትብል ድማ እጥፊእዋ። ዋና ኣማሓዳሪ (ማዕርጉ ብዘየገድስ) ብቅ. ሲኖዶስ ይምረጽ ዝብል ድማ ወሲኹሉ። እቲ ዋና ኣማሓደሪ ከኣ እቶ ዮፍታህ እዩ።
- ቅድሚ ኣቶ ዮፍታህ ከም ምሁራት ተሓጋገዝቲ ብምርጫ ቤ/ክ ብዙሓት ኣገልጊሎም እዮም፡- መም. ፍስሃየ፤ መም. ደሴ፡ መም. ግደይ ...ነቦታቶም ተእዚዞም ዓይዮም፡ ዋላ ሓደ እኳ ስልጣን ናይ ጳጳስ ይኹን ናይ ፓትርያርክ ኪምንዝዕ ዝሓለነ ኣይነበሮምን። ብኣምላኽ ዓስቦም ይረኽቡ ብህዝበ ክርስትያን ድማ ብጽቡቕ ሽም ይልዓሉ።

# ንኡስ ሃገረ ስብከት መግለጺ የውጽእ።

- ን/ሃገረ ስብከት ብግንቦት 2005 ብዛዕባ ኣብ ቤተክርስትያንና ተፈጢሩ ዘሎ ቅልውላው ወግዓዊ መግለጺ የውጽእ። ኣብቲ ናይ መጀመርያ መግለጺኡ ኣቶ ዮፍታህ ኪእለን እቲ ጉዳይ ኣቦታት ባዕላቶም ኪፈትሕዎን ይመክር። ብኣግኡ እንተዘይተኣልዩ ሳዕቤኑ ከቢድ ከምዝኸውን ኣገንዚቡ።
- ብኣንጻሩ ኣቶ ይፍታህ ንግብጻያን ሓባቢሉ ንፓትርያርክ ኪኣልዮም መደብ የውጽእ (ንመፈንቅለ ፓትርያርክ ናብ ግብጺ ዝገሹ ስእሊ ተመልከት። ሓምለ 2005 )።

ፖፕ ሺኖዳ ብወገኖም 17 ዓንቀጻት ስርዓት ቤተክርስትያን ብምጥቃስ ይጋገዩ ከምዘሎዉ። ናብ ልቦም ኪምለሱ፡ ንእግዚኣብሔር ኪፈርሑን ን1700 ጸኒዑ ንዝጸንሐ ሕጊ ከይግህሱ መኺሮም ሰዲዶሞም።



ምንጪ፡ http://www.copticpope.org/downloads/eng_keraza/engkeraza05-08-2005.pdf

# ን/ሃገረ ስብከት ብወገኑ ድማ ጽዕሩ ይቕጽል



http://www.copticpope.org/downloads/eng_keraza/engkeraza16-09-2005.pdf

ብወገን ኣቶ ይፍታሀ ን/ሃገረ ስብከት ንምፍራስ ውዲት ተገይሩ፤ ህዝቢ ከፋፊሉ፡ ነቲ ዝተፈጸመ ገበን ምኽዋል ግን ኣይከኣሉን፤ ን/ሃገረ ስብከት ኣይፈረሰን ሓዪሉ እኳ ደኣ። ሎሚ ሓቒ ዳርጋ ኣብ ኩሉ ተጋሂዳ እያ። (እቲ እኩይ ግብሪ ብኣካል ስለዝተሳተፍናዮ ምግላጹ ኣድላዪ ኣይመስለንን)።

# ሳዕቤን ናይ ሕጊ ምፍራስ፡ ሎሚ ቤተክርስትያንና

- ካብ ኣሓት ኦርየንታል ኦርቶዶክስ ተዋሕዶ ቤተክርስትያናት በይና ተነጺላ
- ኦርየንታል ኦርቶዶክስ ተዋሕዶ ቤተክርስትያናት ሕጋዊ ፓትርያርክ ኣቡነ እንጦዮስ ጥራሕ ምዃኖም ገሊጾም ስሌኦምን ስለ ቤተክርስትያንናን ፍሉይ ጸሎት ኣዊጆም።
- ኣብ ክንዲ ካህናትን ድያቆናትን ተፍሪ፡ መጻወቲ ያኢ ኮይኑ፡ ናይ ውግዘት ደብዳበ ክትዕድል ትውዕል ኣላ
  - ምሁራት ካህናት ኣብ ኣስሪ ቤት ይርከቡ
  - ልዕሊ 60 ሊቃውንቲ ቤ/ክ፡ ኣጸድ እታ መዋዕሎም ምሉእ ዘገልገልዋ ቤ/ክ ከይረግጹ ተኣዚዞም
  - ቤ/ክ ውላድ መኻን ኪትከውን ኣብ ቤ/ክ ዝዓበዩ መንእሰያት ብመደብ ከምዝብተኑ ቴገሩ
- ጉዳይና ዓለም ብምልኡ ፈሊጥዎ፡ ጉድለት ትምህርትን ንቕሓትን ከምዘሎና ዝእምት ስለዝኾነ ከንዕቑና ይርከብ ኣሎ።

# ጠመተን ናይ መጻኢ መደባት ን/ሃገረ ስብከትን

- ዝተደራረበ ጾር፡-
- 1) እቲ ተፈጺሙ ዘሎ ገበን ብፍትሕን ብሓቅን ኪቕልበስ፤ ቅዱስ ኣቦና እንጦንዮስ ድማ ናብ ወንበሮም ኪምለሱ ምጽላይን ብግብሪ ከኣ ምቅላስን
- 2) ካብቲ ሃዋርያዊ ሰንሰለት ከይትብተኽ እሞ መጻኢ ዕድል ቤተክርስትያንና ከይጽልምት ምስ ኣሓት ቤተክርስትያን ዝምዳናታትና ኣሓይልና እምነትናን ስርዓትናን ምጽናዕ።
- ቤተክርስትያን ንብዙሕ ጸልማትን ገድልን ሓሊፋ ኣባና ዝበጽሐት ጽኑዕ መሰረት እምነትን (ሓሙሽተ ኣዕማደ ምስጢራት) ስርዓትን (ሸውዓተ ምስጢራት ቤ/ክ) ስለዝጸንሓዩ። ኣብ ሎሚ በጺሓ ካብተን ሸውዓተ ሓንቲ (ምሥጢረ ክህነት) ኪትፈርስ ኣይከኣልንዩ።
- 3) ንመጻኢ ጠሚትካ ኣብ ኣገደስቲ መዳያት ብመደብ ምግልጋልዩ

# ጠመተን ናይ መጻኢ መደባት ን/ሃገረ ስብከትን

- በቲ ተፈጺሙ ዘሎ ገበን ተስፋ ከይቖረጽና ን/ሃ/ስብከት ኣብዚ ሕጂ እዋን ብዓላማ ንዓየለን ዘሎና ክልተ ነገራት
- 1. ምምዕባል ዓቕሚ ካህናት (ከምቲ ዝብሃል ነደ ምምዕባል ንስድራ ቤት ምምዕባልዩ..ንካህናት ምምዕባል ድማ ንብምልእታ ቤተክርስትያን ምምዕባልዩ)
- 2. መንእሰያት ምውህሃድን ምስልጣንን፤ ብቑዓት ተረከብቲ ምፍራይ። ("መንእሰያት ዘይብላ ቤተክርስትያን፡ ተስፋ ዘይብላ ቤተክርስትያን እያ" ፖፕ ሺኖዳ 3ይ)
  - እቲ ዕላማ ብግብሪ ተጀሚሩ ኣሎ፤ ሓደ ኣብነት፡- ቁጽሮም ብርክት ዝበሉ ምሁራት ካህናት፡ ድያቆናትን መማህራን ቤ/ት/ ሰንበትን ኣብ ናይ ግብጺ ገዳም ቅ. ኣትናቴዎስ ናይ ስነ-መለኮት ትምህርቲ ይከታተሉ ኣሎዉ።

“ኣብ ቤት እግዚኣብሔር ማለት ኣብታ ናይ ሓቂ ዓንድን መሰረትን ዝኾነት ቤተክርስትያን ህያው ኣምላኽ፡ ከመይ ጌርና ክንነብር ከም ዝግብኣና ክትፈልጥ ጽሒፈልካ ኣሎኹ።” 1ይ መልእኽቲ ጳውሎስ ናብ ብመንፈስ ወዱ ዝኾነ ጢሞቴዎስ 3፡15።

- ክፋት መድረኽ ንሕቶን ርእይቶን